# መበል 30 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል
# ኣብ ከተማ ካይዘርስ-ላውተርን ጀርመን ብመንእሰያት ህግደፍ ተባዒሉ



ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ስርሒት ፈንቅል፡ “ፈንቅል ንልምዓት“ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ፡ ብ15 ለካቲት ኣብ ከተማ ካይዘርስ-ላውተርን (Kaiserslautern, German) ጀርመን ብመንእሰያት ህግደፍ YPFDJ ዝተዳለወ: ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ተጸምቢሉ።

መደብ በዓል ስርሒት ፈንቅል ድማ ኣካየድቲ ኣካል መንእሰያት ህግደፍ ካዘርስላውተርን ኣ/ወንበር መንእሰይ በረኸት ተኸለ፡ ጽሓፊ መንእሰይ ሮቤል ብርሃነን ተሓዝ ገንዘብ መንእሰይ ሄርሞን ኣብርሃምን ብሓባር ብዝኽረ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣቦ መንበር መ/ህግደፍ ከተማ ካይዘርስላውተር መንእሰይ በረኸት ተኸለ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ስርሒት ፈንቅል ኣብ 1990 በሪ ናጽነት ዝፈለመት ኮይና ኣብ 1991 ከኣ መሉእ ኤርትራ ናጽነቱ ወጺኡ። ኣብ 1998 ብዝተወለዓ ኩናት ካኣ መሊስና ንድሕሪት ተመሊስናን ሰባት ከሲርናን ሃገርና ቑጠባኣ ተዳኺሙ።2000 ኩናት ደው ምስ በለ ካኣ እገዳ ቀጺሉ ነዚ ውን ህዝብን መንግስትን ብሓያል ተወፋይነትን ጽንዓትን ኣብ መትከሉ ብምጽናዕ ሰገርዎ። ኣብ 2017 ዓ.ም. ዶር ኣቢይ ናይ ኢትዮጵያ መራሒ ንሰላም ተቐቢለዮ ምስ በለ፣ ፕረሲደንትና ተሓጒሱ ንሕና ውን ተሓጒስና ፣ ብሓንሳብ ኮይኖም ይሰርሑ ኣሎው



። ሕጂ ንሕናውን ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝፈረሰን ዝተባላሸወን ክንሃንጽ ክነዐርዮን ክንሰርሕ



ኣሎና ። ስለ ዝኮነ ኸኣ ኣብ ከተማና እንነብር መንእሰያት ኣብ መንእሰያት ህግደፍ (YPFDJ) ተጠርኒፍና ሓንቲ ቻፕተር (Chapter) ከፊትና ኣሎና ፡ኣብ ጎኒ ከቡራትን ከቡራንን ኣብነታውያን ኣቦታትናን ኣዴታናን ኮይና ክንሰርሕን፡ ሕድሪ ክንቕበልን ድማ ድልዋት ኣሎና ክብል ልቢ ተሳተፍቲ ዝትንክፍ መገለጺ ኣቕረበ።

ቀጺሉ ጽሓፊ መንእሰያት ህግደፍ ካይዘርስላውተርን መንእሰይ ሮቤል ብርሃነ፡ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ዘለዎ ልዑል ኣኽብሮት ኣብ ዘቕረቦ ፡ 30 ዓመት ከምዚ ሎሚ ፈንቅል ወትሩ ዝዝከር ካብ መዓሙቕ ልቢ ዘይፈሓቕ ዘይፍንቀልን ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ባና ሃገርን ዘርኣየ፡ ኣንፈት ጸላኢ ዝቐየረን ዝሓምሸሽን ፡ ብከረን ክጽበ ክብል ላዕልን ታሕትን ሙዑት ጅግና ተጋዳላይ ብፈጣን ጀልባን ብባሕሪን ብታሕቲ ስጋለት ቀጣን ብእግሪ ፡ ብታንኪን ሓይሊ ባሕሪ ዘርዓመ፡ ኣየወ ኣብ ክንዳና ዝሓለፉ ውፉያት ተጋደልቲ ብሃልሃልታ ሓዊን፡ ኣካል ሰብ ዝመንጨት ጨውን፡ ናብ ደም ዝተቐየረ ቀይሕ ባሕብሪ ሰጊሮም፡ ነቲ ብመሬትን ብ ኣየርን ዝወርድ ዝነብረ ደብዳባት ቦምብን ናፓልን መኪቶም ፡ ረዚን መስዋእቲ ከፍሎም እዮም ፡ ንስርሒት ፈንቅል ተዓዊቶም ንውሉድ ወለዶ ክብሪ ኣልቢሶም፡ ብግብሪ ንደብሶም ፡ ፍሪኣምን ጽዕሮም መስዋእነቶምን ድማ ናብ ሃገራዊ ረብሓን ዕብየትን ልምዓትን ብልጽግናን ንለውጦ ክብል ን ንኣጋይሽ ዕለተ ፈንቕል ዝመሰጠ ሓያል መልእኽቲ ሃበ።



ኣብቲ በዓል ብሃገራዊ ሽማግለ ናይቲ ከተማ ዝተማእከል ኮይኑ፡ ኣባላት ሃ/ሽማግለ ካይዘርስላውተር ንዝኽሪ ስርሒት ፈንቅልን ነቲ ንብዙሕነት ጸጋታትና፣ ገድላዊ ጉዕዞ፣ ባህሊ፣ ያታን መነባብሮን፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ኣሰቃቒ ኣደራዕ መግዛእቲ ከምኡ'ውን ዝተሰላሰለ ዳግመ ህንጻዊ ስርሓትን ውጽኢቱን ዘንጸባርቕ ኣገደስቲ መልእኽቲ ብጸሓፊ ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ካይዘርስላውተር ኣቶ ረዘን ዮውሃንስ ክቐርቡ ከለዉ፡




ብተቐበልቲ ሕድሪ መንእሰያት ህግደፍ ካይዘርስላውተር ፡ ድማ ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ምኳኑ ብምርዳእ ነቲ ጅግንነት ኣቦታቶምን ኣደታቶምን ዘድንቑሉ፡ ናይ ሓበንን ኩርዓትን ዝኸርታት ብምዕዛዝን ዘኹርዕ ሃገራዊ ታሪኽ – ዋንነቱ ናይ ሰራሕቱ ዘይኮነ ብቐንዱ ናይ ወረስቱ ምኳኑ ብምግንዛብ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ዝገልጹን ካልኦት ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ብምቕራብ መበል 30 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ከተማ ካይዘርስ-ላውተርን ተዛዚሙ።



ኣደ መንበር ሃ/ሽማግለ ናይቲ ከተማ ወ/ሮ ስምረት ወልደገርጊስ ፡ በቲ መንእሰያት ህግደፍን ኩሎም መንእሰያት ተሳተፍቲ ናይዚ ጽንብል ብውህደትን ብልዑል ሃገራዊ ኒሕን መንፈስን ካብ ምድላው ክሳብ ምዝዛም መደብ ዘርኣይዎ ንጥፈታትን ፡ ብፍላይ ድማ ኣካየድቲ ኣካል መንእሰያት ህግደፍ ካዘርስላውተርን ኣ/ወንበር መንእሰይ በረኸት ተኽለ፡ ጸሓፊ መንእሰይ ሮቤል ብርሃነን ተሓዝ ገንዘብ መንእሰይ ሄርሞን ኣብርሃምን ንዘዳልውዎን ዘቕረብዎን መደባት ብምምስጋን ፥ ቀጻልነቱ ንኽዓቢ ብወለድን ወዳቤታትን ዓቢ ኣቓልቦን ደገፍን ከይፍለዮም ኣጥቢቓ ትላቦ። ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ካይዘርስ-ላውተርን፡ ነዚ ምስ መንእሰያት ደቂ ተወሃሂዱ ዘካየዶ መደብ ሓደ ካብቲ ኣብ ኩሉ ከተማታት ክካየደ ዘለዎ ኣብነታዊ ኣገባብ ምኳኑ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ
ሃ/ ሽማግለ ከተማ ካይዘርስላውተር (ጀርመን)